**ግዳይ ሓደ ገበን እንተድኣ ኮይነ ኣየናይ መሰል እዩ ዘሎኒ?**

ስርቂ ካብ ጁባ ይኹን፣ ወይከኣ ከቢድ ኣካላዊ ማህረምቲ፣ ወይድማ ገበናዊ ተግባራት ብዘየገድስ፣ማንም ሰብ ግዳይ ሓደ ገበን ንኽኸውን ኣይጽበን እዩ። ወዲ ሰብ ግና በቲ ገበን እቲ ይህሰሞ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ግና ኣንታይ ከምዝገብር ይጠፍኦ። ኣብ ልዕሌኹም ማህሰይትን ረብሻን ከጋጥመኩም ከሎ፣ እዚ መምርሒ ሰነድ እዚ፣ኣብቲ ኩነታት እቲ፣ ኣበይ ሓገዝ ክትረኽቡ ከምትኽእሉ ዝሕግዘኩም ቀዳምይ ሓበሬታ እዩ።

**መንዩ ንዓይ ክሕግዘኒ ዝኽእል?**

ንዝተሃሰዩ/ዝተበደሉ ምኽርን ረዲኤትን ዝህባ ኣገልግሎት። ኣብቲ ቤት ምኽሪ ኣገልግሎት ዘገልግሉ ብዝሕ ተመክሮ የለዎም ስብኡትን ኣንስትን፣ ኣብቲ ኩነታት ጸገምኩም፣ ክሰምዕኹምን ክረድኡኹምን ይደልዩ እዮም። ኣብ እዋን ጸገምኩም ክሳብ ክንደይ ከቢድ ጸገም ይኹን ብዘየገድስ ንኣብነት፣ብስነኣእምራዊን ብክንክን ሕክምና

Xን፣ ክረድኡኹም ይኽእሉ እዮም።

ኣብ መን ቀሪብኩም ከተምልክቱ ከምትኽእሉ ዝሕግዘኩም መብርሂ ከኣ፣ ኣብዚ ክትረኽቡዎ ትኽእሉ፣ www.bmjv.de. ብዝተረፈ ከኣ፣ ዝኾነ መደበር ፖሊስ፣ ወይድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማዕከን ግዳይ ወጹዓት ዝኾኑ (www.odabs.org) ሰባት ዝዓቘረ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ብኸመይ ብዛዕባ ሓደ ገበን ጥርዓን ከቕርብ እኽእል፣ ድሓርከ እንታይ ክፍጸም ይኽእል?**

ብዛዕባ ገበን ጥርዓን ከተቐርቡ ደሊኹም፣ ኣብ ዝኾነ መደበር ፖሊስ ቀሪብኩም ክትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም። ጥርዓን ምስ ኣቕረብኩም ድማ፣ እንተድኣ ነቲ ጥርዓንኩም ብቕቀሊሉ ክትስሕቡዎ እንተድኣ ዘይካlልኩም፣ ካብኡ እቲ መርማሪ ኣካል ዝኾነ በዓል ስልጣን (ኣኽባር ሕጊ፣ ፖሊስ)፣ ነቲ ንነፍሲ- ወከፍ ዘቕረብኩሞ ጥርዓን ብመሰረቱ ሓደ ብሓደ ክካታተሎ እዩ።

እንተድኣ እቲ ገበን ቀሊል ጥራይ ኮይኑ ግና፣ ንኣብነት፣ ከም ጸርፊ ዓይነት፣ ወይ መስበርቲ ሓደ ኣቕሓ ኮይኑ፣ እቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብ፣ ነቲ ክሲ ክትትል ክግበረሉ ከምዘለዎ፣ ባዕሉ ክውስን ይኽእል እዩ። ድሕሪኡ እዚ ተግባራት እዚ ምምራር ክሲ (Antragsdelikte) ተባሂሉ ክጽዋዕ ይኽእል እዩ። ከም ኣገባብ ሓደ ገበናዊ ክሲ ብጽሑፍ መልከዕ ጥራይ ክቐርብ ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ ንስኹም ከም ግዳይ ገበን መጠን እንተድኣ ብፍላይ ደሊኹሞ ጥራይ እዩ። ብዛዕባቲ ገበንን እቲ ገበነኛን ምስፈለጥኩም፣ ነቲ ጥርዓን ኣብ መንጎ 3 ወርሓት ዘሎ ግዜ ከተቕርቡዎ ኣለኩም።

**ኣነ ጀርመንኛ ቋንቋ ዘይርድእ እንተኾይነ ወይከኣ ቍሩብ ጥራይ ዝርድእ እንተኾይነ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**

ጸገም የለን። እንተድኣ ጥርዓን ከተቕርቡ ደሊኹም ክትሕገዙ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ምስክር ኰንክን ወይ ኮንኩም እንተድኣ ክትቀቡ ኮንኩም ከኣ፣ ሓንቲ ተርጓሚት ወይ ሓደ ተርጓማይ ንኽጠልቡ መሰል ኣለኩም።

**ብዛዕባቲ መስርሕ ጥርዓነከ እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ክረክብ እኽእል?**

እንተድኣ ግዳይ ሓደ ገበናዊ ፍጻሜ ኮንኩም፣ እቲ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ብቑልጡፍ ክትረኽቡዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እንታይ ዓይነትን ኣየናይ ሓበሬታ ክውሃበኩም ወይ ከይውሃበኩም እንተደለኹም ድማ፣ ብዝበለጸ ኣብ መደበር ፖሊስ ምስ ቀሪብኩም፣ ሸዑ ንሸዑ ክትዛረቡ ግድነት ይኸውን። ከምኡ ትደልዩ ኣንተድኣ ኮንም፣ ኣብዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ሓበሬታትት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

- ብዛዕባቲ ዘቕረብኩሞ ገበናዊ ጥርዓን ሓደ ሓጺር መረጋገጺ ብጽሑፍ ክውሃበኩም እዩ።

- እንተድኣ እቲ ኣኽባር ሕጊ ነቲ ዝቐረበ ጥርዓን ወይ ምልከታ ኣደስኪሉዎ፣ ወይከኣ ነቲ ክሲ ንቤት ፍርዲ ዘይማሓላሊፉዎ ኮይኑ።
- ኣበየናይ ቤት ፍርዲ ከምዝፍረድን፣ እቲ ተኸሳሳይ ከኣ ብምንታይ ከምዝተኸሰን ከኣ ክሕበረኩም እዩ።
- እቲ ውጽኢት ፍርዲ ድማ  ክሕበረከኡም እዩ። ማለ  እቲ ክሱስ ነጻ ድዩ ተፈሪዱ፣ ወይስ ንኽቕጻዕ ተፈሪዱ ድዩ፣ ወይድማ እቲ ጉዳዩ ደስኪሉ ድዩ፣ ዝብል ሓብፍሬታ ክሕበረኩም እዩ።
- ከምኡውን እቲ ክሱስ ንቤት ማእሰርቲ ክኣቱ እንተድኣ ተፈሪዱ ኮይኑ እውን ክሕበረኩም እዩ።
- ከምኡውን እቲ ገበነኛ ምዃኑ ዝተፈርደ ሰብ ፣ ምሳኹም ክራኸብ የብሉን ዝብል ትኣዛዝ እንተድኣ ኣልዩ ክትሕበሩ ኢኹም።

ብተወሳኺውን ነቲ ነገርኩም በብሓደ ከተመልከቱ ትኽእሉ ኢኹም። ማለ ቅዳሕ መዝገብ ቤት ፍርዲ ከም ሰነድ ክትሕዙዎ ንኽውሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት ድማ ንኣብነት፣ ብሰንኪ ሓደጋ መኪና ንዝወረደ ጉድኣት ንምፍላጥ፣ ስእላዊ ሰነድ እቲ ሓደጋን ዝተፈጸመሉ ቦታን፣ ክውሃበኩም ጠሊብኩም፣ ማለት ካሕሳ ንኽትረኽቡ ወይ ንመሓከሚ ዝኸውን ገንዘብ ንኽውሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እንተድኣ ተውሳኺ ክሲ ከተመልክቱ/ክትከሱ ዘይፍቀደልኩም ኮይኑ፣ (ብዛዕባ ተወሳኺ ክሲ ዝምልከት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጽሑፍ ተወከሱ።)፣ ግድነት እቲ እትቐርቡዎ ምልከታ መሰረት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ሰነድ  ቤት ፍርዲ ትደልዩኦ ዘለኹም፣ ስለምንታይ ከምትደልዩዎ ከተብርሁዎ ኣለኩም። ኣብ ፍሉይ ጉዳይን ነገራትን ይከኣል እዩ።

**ከም መሳኻኽር  እትምስክሩዎ ምስክርነት**

እንተድኣ ግዳይ ሓደ ገበናዊ ፍጻሜ ኰንኩም፣ ንኽትምስክሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከም ግቡእ ከኣ ትምስክሩዎ ምስክርነት ኣብ ፖሊስ ቀሪብኩም ኢኹም። ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ክትምስክሩ ኢኹም። ኣብ ፍሉይ ጉዳይ ጥራይ ግና፣ ንኣብነት እቲ ብገበን ዝተኸሰ ሰብ፣ ብዓል/ቲ ቤትክን/ኩም እንተድኣ ኮይና/ኮይኑ፣ ወይከኣ ዘመድክን/ዘመድኩም ኮይና/ኮይኑ፣ ምምስካር ክትኣብዩ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንኸይትምስክሩ መሰልኩ እዩ።

ኣብቲ ቃልኩም እትህቡሉ ግዜ ግና፣ ግድነት ስምኩምን ኣድራሻኹምን ክትገልጹ ኣሎኩም። እቲ ጉዳይ ሓደ ፍሉይ ሓደጋ ዘለዎ ኣንተድኣ ኮይኑ ግና፣ ፍሉይ ኣገባብ ክግበር ይከኣል እዩ። ምናልባት እቲ ክሱስ ንስኹም እንተድኣ መስኪርኩም እቲ ክሱስ ሰብ ኣብ ልዕሌኹ‹ም ክዕምጽ ከምዝደሊ ማለት ከፋራርሓኩም ዝደሊ ኮይኑ ምስዝፍለጥ፣ እቲ ግላዊ ኣድራሻሑም ክትነግሩ የብልኩምን። ምእንቲዚ  እቲ ቅኑዕ ኣድራሻኹም ዘይኮነስ ካልእ ክትርከቡሉ እትኽእሉ ኣድራሻ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፣ ኣብቶም ምሳኹም ክራኸቡ ዝኽእሉ ኣገልግሎት/ ረዲኤት ዝህቡ ቤት ጽሕፈት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ከም ምስክር መጠን ንኽትምስክሩ፣ ንዓኽን ብርግጽ ሓደ ፍሉይ ኲነት ኮይኑ፣ ከሃስየኩም ዝኽእል ጉዳይ ክኸውን ስለዝኽእል። ዝተሓባበረኩም/ዝሕግዘኩም ሰብ ሒዝኩም ክትቀርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ተማሊእኩሞ ክትቀርቡ እትደልዩ ሰብ ድማ፣ ሓደ ዘመድኩም ወይ ሓንቲ ዘመድኩም ወይውን ሓንቲ ምሓዛኹም/ሓደ ዓርክኹም ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ  እትቕርቡዎ ሰብ ከኣ፣ ኣብ ገለገለ ፍሉይ ኲነትክዕዘብ ጥራይ እዩ ዝኽእል። ብርግጽ ብሓደ ጠበቓ ወይ ሓንቲ ጠበቓ ተሰኒኹም ድማ ክትቀርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብመለለዪ 2017
ህጻናት ወይከኣ መንእሰያት እንተድኣ ግዳይ ጾታዊ ርክብን ጾታዊ ዓመጽን ኮንኩም፣ ሓደ ኣማራጺ ነገር ኣሎ። ንሱ ድማ ኣብቲ መላእ መስርሕ ጉዳይኩም፣ ሞያውያን ኣማኸርቲ ወይ ድማ እቶም ብስነ-ኣእምሮ ዝሰልጠኑ ኣማኸርቲ ከሰንዩኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ሓደ ሓደ ነገራት ከኣ፣ እቶም ግዳይ ጾታዊ ዓመጽን፣ ከቢድ ጾታዊ ገበንን ዝኾኑ ሰባት ዓበይቲ እንተድኣ ኮይኖምውን፣ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ክረኽቡ ኣድላዪ እንተድኣ ኮይኑ፣ ሓገይ ክረኽቡ ይኽእሉዮም። እቶም ብሞያ ስነ-ኣእምሮ ዘማኽሩኹም ሰባት፣ ኣሰንዮምኹም ንቤት ፍርዲ ክመጹ እንተድኣ ኮይኖም ግና፣ እቲ ቤት ፍርዲ ክፈቅድ ኣለዎ። ነቶም ግዳይ ዝኾኑ ድማ ገንዘብ ኣይከፍሉ እዮም/ብነጻ እዩ። ብዛዕባዚ ጉዳይ ኣዚ ግና፣ ንፖኢስን ነቶም ኣገልግሎት ሓገዝ ዝህባ ማሕበራት ወይ ትካላትን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣነ ኣብቲ ገበናዊ ፍርዲ ዝካየደሉ መስርሕ፣ ከም ተወሳኺ ከሳሳይ ኮይነ ክቐርብ ኣኽእል ድየ?**

እንተድኣ ግዳይ ሓደ ፍሉይ ገበን ኮንኩም/ክን፣ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ከኣ ከም ተሓባባሪ/ሪት ኰንኩም/ክን፣ ክትቀርቡ/ባ/ ትኽእሉ/ላ ኢኹም/ኽን። ነዚ ዝምልከቶም ድማ፣ ንመረዳእታ እቶም ጾታዊ ዓመጽን፣ ጾታዊ ግፍዒን፣ ፈተነ-ቅትለትን፣ ንመቕርብኩም ክቐትል ዝፈተነን ገበነኛ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ፍሉይ መሰል ኣለኩም። ንመረዳእታ፣ ካልእ ወይከኣ ከም ካልኡት መሰኻኽር ደቂ ተባዕትዮ ወይ ከኣ ከም መሰኻክር ደቂ ኣንስትዮ ኰንኩም/ክን፣ ኩሉ ግዜ ኣብቲ መስርሕ ቤት ፍርዲ ክትቀርቡ/ባ ትኽእሉ/ላ ኢኺን/ኹም።

**ዋጋ ጠበቓይከ መን እዩ ዝኸፍለለይ?**

እንተድኣ ሓገዝ ዋጋ ጠበቓ ክትረኽቡ ደሊኹም፣ ከም ግቡእ እቲ ክሱስ እንተድኣ ተሳዒሩ ነቲ ዋጋ ጠበቓ ክኸፍሎ ኣለዎ። ግና ኩሎም ዝተፈርዱ ኣይከፍሉን እዮም። እቲ ዝተፈርደ ክሱስ ነቲ ዋጋ ጠበቓ ክኸፍሎ እንተይዘይክኢሉ ግና፣ ባዕልኹም ክትከፍሉዎ ኣለኩም ማለትዩ።

ኣብ ፍሉይ ጉዳይ ግና፣ ንቤት ፍርዲ ንጠበቓ መኽፈሊ ዝኸውን ሓገዝ ካብ መንግስቲ መታን ክውሃበኩም፣ ሓደ ማመልከቻ ኸተቕርቡ መሰል ኣሎኩም። እዚ ማለት ከኣ ንኣብነት፣ ብሓደ ከቢድ ዓመጽ፣ ወይ ጾታዊ ገበናት፣ ወይከኣ ንቀረባ ዘመድኩም ንኣብነት ቆልዑ፣ ስድራቤት ወይ ብዓልቲ-ቤት/ብዓል-ቤት ብሰንኪ ገበናዊ ተግባራት ህይወቶም ዝሓለፉ፣ ኣብዚ ጉዳይዚ ግና ንብረት ምህላውኩምን ዘይምህላውኩምን ኣይግድስን እዩ።

ኣብ ፍሉይ ጉዳይ ግና ብመንግስቲ ዝኽፈል ጠበቓ ንኽፍቀደልኩም፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ንኣብነት፣ ከቢድ ገበን ምስዝፍጸም፣ ወይ ገበናዊ ጾታዊ ዓመጽ፣ ወይድማ ውሉድኩም ወይ ስድራኹም፣ ወይ ብዓልቲ ቤትኩም፣ ብገበናዊ ፍጻሜ ምስዝሞቱ እዩ። ኣብዚ ኩነት እዚ፣ ንብረት ኣሎኩም ድዩ የብልኩምን ዝብል ነገር ኣይምልከቶን እዩ። ምናልባት ደሞዝኩም ውሑድ እንተድኣ ኮይኑ፣ ኣሞ ደሞዝኩም ከኣ ውሑድ ምዃኑ ኣንተድኣ ተረጋጊጹ፣ ካልእዊ ክሲ ከተቕርቡ ወይ ክትከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡውን ኣብ ካልእ ነገራት፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ቁጠባዊ ሓገዝ ይኹን ምኽሪ ንምርካ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እቶትኩም ኣዝዩ ውሑድ ኣንተድኣኮይኑ፣ እሞ ከም ተሓባባራይ ከሳስሳይ ኮንኩም ንኽትቀርቡ እንተድኣ ወሲንኩምን።

**ካሕሳ ን ንመሓከሚ ዝኽፈል ገንዘብን**

ብሰንኪ እቲ ገበነኛ ኣብ ልዕሌኹም ዝውረደልኩም ሓደጋ መኽንያት፣ ኣንተድኣ ተሃሲኹም መሓከሚ ገንዘብ ክትረኽቡ ትደልዩ ኮንኩም? ነዚ ጠለብ እዚኸ ኣብቲ መጀመርያ ክስኹም ሓገ ከምትደልዩ ከተመልክቱ ትደልዩ እንተድኣ ኮንኩም? ከምግቡእ (ተጣባቒ ከምዝብሃል (Adhäsionsverfahren ኣድሄስዮንስ-ፈርፋህረን=ድሕሪ ክሲ ዝተፈጥረ ክሲ) ይከኣል እዩ። ነዚ ንምርካብ ግና ከተመልክቱ ኣሎኩም። ነቲ ጥርዓን ከተቕርቡዎ ከሎኹም ክትገብሩዎ ኣሎኩም።

ብርግጽ ከምግቡእ ካሕሳ ንምክሓስን ንመፈወሲ ገነብ ምርካብን ማለት ኣብቲ ንገበን ዝምልከት ቤት ፍርዲ ዘይኮነስ፣ ኣብ ስቪላዊ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። እብዚ ቤት ፍርዲዚ እውን ውሑድ ደሞዝ እንተድኣ እልዩኩም፣ ቀኣጠባዊ ሓገዝን፣ ምኽሪ ካብ ጠበቓን ንምርካብ ይክኣል እዩ።

**ካልእከ እየኖት መሰላት ከረክብ እኽእል?**

ብሰንኪ ገበናዊ ሓደጋ ጉድለት ጥዕና እንተዳ ረኺብኩም? ካብ መንግስታዊን ትካላት ረዲኤት ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ማለት ከም ብዶክቶር ዝካየድ ሕክምናን ወይ ብስነኣእምራዊ ሓኪም ዝግበር ክንክንን ንምርካ፣ ንመረዳእታ ከም ንኽትከዱ እትሕግዘኩም ብሽግሌታ ወይ ተንቀሳቓሲ መንበር፣ ወይ ንጡረተኛታት ዝሕገዝ ቀኣጠባዊ ረዲኤት፣ (ውሑድ ደሞዝ እንተድኣ ሃልዩኩም መመዓራረዪ ደሞዝ)፣ ሓደ ሓጺር ምልከታ ኣብ ፖሊስ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብሰበብ ግብረሽበራ መኽንያት፣ ግዳያት ማህሰይቲ ኣንተድኣ ኮንኩም። ካብ ፈደራላዊ ብዓል ስልጣን  ፍትሒ ረዲኣት ንምርካብ፣ ካብ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ www.bundesjustizamt.de/ (መድለዪ መፍትሕ ከቢድ ሓጋ: Härteleistungen/Opferhilfe)

ከም ግዳይ መጠን፣ ንግዳይ ገበነኛ ዝኾኑ ሰባት ሓለዋ ንምርካብ ዝብል ሓጋዊ መምርሒ ዓንቀጽ ተወሳኺ ረዲኤት ንምርካብ መሰል ኣሎኩም።

ንኣብነት ኣብቲ ንስድራቤት ዝጣበቕ ቤት ፍርዲ፣ እቲ ገበነኛ ምሳኹም ክራኸብ ከምዘይብሉ  ሓዋሕስና ሓለዋ ንኽውሃበኩም፣ ከተመልክቱ መሰል ኣሎኩም። ኣቲ ቤት-ፍርዲ  ኣብቲ ቀደም ምስቲ ገበነኛ ብሓበር ትነብሩዎ ዝነበርኩም መንበሪ ገዛ፣ ካብዚ ጉዳይ ንድሕሪት ዘሎ ግዜ ግና፣ ንበይኹም ክትነብሩ ክፈቕደልኩም እዩ። እቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ምልክታታት፣ ብጽሑፍ መልክዕ ንቤት-ፍርዲ ከተቕርቡላ ኣለኩም። ወይድማ ኣብቲ ቦታ ቃልኩም ዝሃብኩምሉ   ከተቕርቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብጠበቓ ተሰኒኹም ክትቀርቡ ግና ግድነት ኣይኮነን። ግድነት ኣይኮነን ጠበቓ ክውክለኩም።

**ምምዕርራይ ገበነኛን ግዳይን እንታይ ማለት እዩ ?**

እቲ መስርሕ  ከኣ ብዝከኣል መጠን፣ ነቲ ግዳይ ገበነኛ ዝኾነ ሰብ ንምሕጋዝን ማለት ኮይኑ፣ነቲ ውጹዕ ንምሕላው እዩ።  እዚ ድማ ካብቲ ግቡእ መስርሕ ዝተፈልየ፣ እቲ ገበነኛ ኣብ ልዕሊቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብ እንታይ ዓይነት ገበን ከምዝፈጸመን፣ ከመይ ዓይነት ዓይነት ጒድኣት ከምዝፈጸመ ብግቡእ ዝገልጸሉ መስርሕ ማለት እዩ። እቲ ገበነኛ ኣብ ልዕሊቲ ግዳይ ዝኾነሰብ ዘስዓቦ ሳዕቤን ድማ፣ ኣካል ምጒዳል፣ጥዕና ምጉዳል፣ ንብረት ምዕናውን ወይከኣ ስነኣምራዊ ሕማም ድሓር ከስዕበሉ ከም ኽእል እዩ። ከምኡውን ብሰንክ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ማህሰይቲ እቲ ግደይ ራዕዲ ክሕዞ ስለዝኽእል። እዚ ገበነኛን ግዳይን ምምዕርራይ/ምውድዳ ዝብሃል መስርሕ ፍርዲ፣ ብምንም ዓይነ ኣንጻር ድልየት እቲ ግዳይ እቲ ገበነኛ ዝኾነ ሰብ ክካየድ የብሉን። እንታይድኣ፣ ብግቡእ መሰል እቲ ግዳይ ንምክልኻል ዝግበር መስርሕ ኮይኑ፣ እቲ ገበነኛ ድማ ነቲ ገበን ምስዝቕበሎ ይኸው። ነዚ ጉዳይዚ ብስርዓት ዝከታተሎ ኣካል ድማ፣ ኣኽባር ሕግን ነዚ ጉዳይ እዚ ብግቡእ ዝሰልጠኑ መርመርቲ ሰበስልጣን ፖሊስን እዮም። እዚ መስርሕ እዚ ከኣ ምስቲ ኖርማል ዝኾነ መስርሕ ፍርዲ ዘተሓሕዝ የብሉን። ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከተን፣ ፍሉያት ኣገልግሎት ቤት ጽሕፈታ እየ ዘካይዱዊ።

ብተወስኺ ድማ ነዚ ምምዕርራይ ገበነኛን ግዳይን ዝምልከት ኣብ ኣከባቢኹም ዝርከብ ኣብያተ ቤት ጽሕፈታትን ሓበሬታት ንምርካ፣ ኣብ ኢንተርነት ንኣብነት ኣብ http://www.toa-servicebuero.de/konfliktschlichter ውይከኣ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ http://www.bag-toa.de/ ክትረኽቡዎ  ትኽእሉ ኢኹም።

**ሰነዳትን ተወሳኺ ሓበሬታ ይህቡ መራኸቢታትን**

ሓበሬታ ብዛዕባ  ኩሉ ሓለዋ ግዳይ ሓደ ገበንኛ ዝኾነ፣ ዝጣበቑ  ኣገልግሎት ፈደራላዊ ሚንስተር ፍትሒን፣ ከምኡውን ንሓለዋ ተጠቀምቲ (BMJV)  ዘገልግል ንምርካብ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፈደራላዊ ሚንስተር ሕጊ  ሓለዋ ነባሮ ዘገልግል  ዘርእስቱ፣ ማዕከን መርበብ ሓበሬታ ሰነዳት ጠዊቕኩም  ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቶም ግዳይ ገበነኛታት ዝኾኑ ሰባት፣ ንመሰሎም ንምጥባቕ ዝብል መራኸቢታ ብዙሃን (ODABS): http://www.bmjv.de/opferschutz

ተወሳኺ ሓበሬታታት ድማ

*-“ግዳይ ገበን ዝኾነ ሰብ“ (- „Opferfibel“)*

*-“ኣነ መሰል ኣሎኒ“ ( - „Ich habe Rechte“)*

*-“ብዙሕ ሓለዋ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝፍጸም ገበናት*

*-“ ቁጠባዊ ሓገዝን“*

*(ኣብዚ ጠውቑ* www.bmjv.de/publikationen*)*

-“ሓገዝ ነቶም ግዳይ ገበነኛታት ዝኾኑ ሰባት

*www.bmas.de/ (መድለዪ ቃል: ሓገዝ ንግዳይ ገበን ይኾኑ ሰባት)*

**ኣገባብ ምዝርጋሕ ሓበሬታ**

ብመርበብ ሓበሬታ ብዙሃን: www.bmjv.de

ብፖስታ: Publikationsversand der Bundesregierung,

Postfach 48 10 09, 18132 Rostock

ብተሌፎን : (030) 18 272 272 1 ፋክስ: (030) 18 10 272 272 1